ሓዳስ ኤርትራ

ሓዳስ ኤርትራ 14 ጥቅምቲ 2015 - ገጽ 9

# መትከልን ተስፎምን ኣብ ስዋዚላንድ ተዓዊቶም

ንናይ ሎሚ ዓመት ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ትመርሖ ኣብ ዘላ ክለብ ኣስቤኮ ብኣሰልጣኒ ሳምሶም ሰለሙን ተመልሚሉ ዝዓበየ ኤርትራዊ ተቖዳዳማይ መትከል እዮብ ብሰንበት ኣብ ስዋዚላንድ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ንመቖዳድምቱ ራሕሪሑ ቀዳማይ ኮይኑ ተዓዊቱ፣ኣብዚ ብትካል ኤምቲኤን ተመዊሉ ዓመታዊ (MTN Khemani Road Cycle Classic race )



ዝብል ስም ተዋሂብዎ ዝካየድ ውድድር፡ ኤርትራዊ መትከል እዮብ ዝሓለፈ ዓመት ሳልሳይ ደረጃ ከምዝሓዘሉ ኣይርሳዕን፣ ኣብዚ ብሰንበት ዝተኻየደ ውድድር ካልእ ምስ ክለብ ዞባ ደቡብ ዝዓበየ ኤርትራዊ ተቖዳድማይ ተስፎም ዑቅባማርያም ካልኣይ ድረጃ ክሕዝ ብምኽኣሉ ንዓወት ደቡብ ኣፍሪቃዊት ክለብ ኤምቲኤንን ኤርትራውያን ተቖዳደምትን መሊሱ ኣድሚቅዎ፣ወዲ 23 ዓመት ተቖዳዳማይ መትከል እዮብ ነዚ ውድድር ብ2 ሰዓት 32 ካልኢትን 04 ንኡስ ካልኢትን ክዛዝሞ ከሎ፡ ተስፎም ዑቅባማርያም ድማ ብ2፡32፡56 ጸወታኡ ፈጺሙ፣ዕዉት ናይዚ ውድድር መትከል እዮብ ጸወታ ድሕሪ ምዝዛሙ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ “ምስጋና ንኹሎም ደቂ ጋንታይ፡ ፡ ኣብ መጀምርታ ናይቲ ውድድር ድሒረ'የ ኔረ። ኣብተን ናይ መወዳእታ ክልተ ኪሎሜተራት ግን ንቕድሚት መጺአ ክዕወት ክኢለ። ዝነበረ ዝሕል ዝበለ ኩነታት ኣየር ድማ ኣርቢሑኒ'ዩ’’ ክብል ገሊጹ፣ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ሪችሞንድ ሕ።መ፡ኣመሪካ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም፡ መትከል ኣብቲ 162 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ውድድር መበል 43 ደረጃ ሒዙ ውድድሩ ከምዝወደአ ዝፍለጥ'ዩ፣ ኣብዚ ውድድር መርሃዊ ቁዱስ መበል 11 ተርታ ከምዝሓዘን ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ኣሜሪካ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ንሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ

ብዝሃብዎ ደገፍ ኣቓልቦ ብዙሓት ወገናት ከምዝሰሓቡን ኣይርሳዕን፣እዚ ከምዚሉ ከሎ፡ ናይ 2.1 መለክዒ ኣብ ዝወሃቦ ዙር ኣቡዳቢ ዝተሳተፈ ኤርትራዊ ዳንኤል ተኽለሃይማኖት ብሓፈሻዊ ናይ ግዜ ውድድር ቀዳማይ ካብ ዝወጸአ ተቐዳዳማይ ሻቬስ ኢስታባን 11 ደቃይቕ ደንጕዩ፡ መበል 39 ተርታ ብምሓዝ ውድድሩ ዛዚሙ፣ ኣብዚ ብሰንበት ዝተዛዘመ ውድድር ተቐዳዳማይ ኢልያ ቪቫኒ ቀዳማይ ኮይኑ ክዕወተሉ ከሎ፡ ፒተር ሳጋንን ኣንድሬ ጋርዲኒን ድማ ካልኣይን ሳልሳይ ተርታ ብምሓዝ ጸወታኦም ዛዚሞም፣ ኣብዚ 110 ኪሎሜተር ርሕቀት ዝሸፍን ዝነበረ ናይ መዛዘሚ ውድድር ዳንኤል፡ መበል 68 ደረጃ ሒዙ ኔሩ።